## ዕጫ ተኹላ ካብ ጽውጽውያት ኤዞፕ. . .

ሓደ እዋን ተኹላ ከይሃለኽ ድራር-እለት ዘውሕሰሉ ብልሓት ፈጠረ። ንሶት ዝደርበዩዎ ሓድሽ ቆርበት በጊዕ ወድዩ፡ ኣማስያኡ ብሰላሕታ ኣብ ሓደ መንሰ ኣባጊዕ ተጸንበረ። እዋን ድቃስ ኮይኑ፡ ንሳ ምስ ሓርነኽ፡ ሓንቲ ዕየት ቀቲሉ፡ ግርም ካፕሬቶ ተደሪሩ ኣብ መንጎ'ተን ኣባጊዕ ማሚቑ ሓደረ። በዚ ሜላ'ዚ ግን ነዊሕ ኣይቀጸለን። ንጽባሒቱ ምሸት፡ ወዮ ንሳ ኣጋይሽ መጺኦሞ፡ ሕሩድ ከአንግዶም፡ ስሕለቱ ሒዙ ናብ ጥሪቱ ኣምርሐ። በጊዕ መሲሉዎ ድማ፡ ነቲ ተኹላ ጉየሐ።. . . .መሪር ዕጫ ምትላል! *** ታሕሳስ 2000፡ ወራራት ወያነ ተለኹሲሱ፡ ስምምዕ ሰላም ኣልጀርስ ዝተፈረመላ እያ። ኣብቲ እዋን'ቲ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ናብ ኣልጀርስ ዝገሸት ጋዜጠኛ ቤተ-መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ዝኽራ ክትገልጽ ከላ ከምዚ ትብል፦ “ሰነድ ንምኽታም ምቅርራብ እናተገብረ ከሎ፡ ኣብ ገጽ ቀዳማይ ሚኒስተርና ከቢድ ጭንቀትን ምሽምቓቓን ይርኢ ነበርኩ። ብኣንጻሩ ኣብ ገጽ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ፍሽኽታ፡ ርግኣትን ናይ ዓወት መንፈስን ተዓዚበ።

ክልቲኦም መራሕቲ ነቲ ሰነድ ድሕሪ ምኽታሞም፡ ፕረዚደንት ቡተፍሊቃ፡ ብሓጎስ ተፈንጪሖም ሰላም ከበህልዎም ኣእዳዎም ጨበጡዎም። ቀዳማይ ሚኒስተርና ብእምቢታ ኣዕጠጠዩ፡ ነዚ ዘስተውዓሉ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ባዕሎም ስሒቦም ሰላም በሉዎም።” ወያነ፡ ካብ 1994 ጀሚሩ ኣብ ዶባት ዝነብሩ ኤርትራውያን ካብ ዓድታቶም እናሳጎጎ ብሰላሕታ መሬት ክጥርር ከሎ፡ ባድመ ይኹን 'ቲ ካልእ ከባቢታት ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራ ምዃኑ ኣዳዕዲዑ ይፈልጥ ነይሩ'ዩ። የግዳስ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ማሕበረሰብ ዓለምን ብሓሶት ኣታሊልካ፡ ገዚፍ ሰብኣዊ ዓቕሚ ኢትዮጵያ ኣሕኒንካ፡ ደርማስ ግንያ ኣሸቀልቲ ሰኒግካ፡ ብስነ-ሞጎት ሓይሊ ዘይርስትኻ ምግባት ዝከኣል መሲሉዎ ነይሩ። ዋጋ ናይዚ ምትላል'ዚ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ልዕሊ 100,000 ደቁ ንኸንቱ ኣገቢሩዎ'ዩ። ኰለኔል ኣለበል ኣማረ ዝተባህለ ሓደ ካብ ኣዘዝቲ ሰራዊት ወያነ፡ “. . . ምስቲ ስርዓታት ጃንሆይን ደርግን ኣብ ነዊሕ ዓመታት ኲናት ኤርትራ ዘጋጠሞም ክሳራ ክነጻጸር ከሎ፡ ወያነ ኣብ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ናይ ዘህለኞ ወተሃደር ብዝሒ ኣዝዩ ዘሕንኽ'ዩ” ክብል ነቲ መሪር ዕጫ ይገልጾ - ተስፋዬ ገብርኣብ፡ የደራሲው ማስታወሻ፡ ገጽ 245-255።

ኰለኔለ ኣበበ ገረሱ ብወገኑ፡ “ኤርትራውያን፡ እናዝለቑን እናጥቅዑን ብወተሃደራዊ ታክቲክ እዮም ገጢሞምና። ንሕና ግን ዝተኸፍለ ዋጋ ይከፈል ባድመ ግድን ክንሕዛ ኣለና ስለዝተባህለ ብዓይኒ-ብለይ ስኒ-ብለይ ሰራዊት ብማዕበላት እናእተና ኢና ተዋጊእና። ከም ቆጽሊ ድማ ረጊፉ” ይብል። . . . ሌትናንት ጀነራል ባጫ ደበሌ እውን ውዕሎኡ ገሊጹ ነይሩ፦ “ኣነ ኣብ ግንባር ቡሬ እየ ነይረ። ውግእ ንፈልጥ ኢና፡ ንሕና ኢና ንመርሖ ኢሎምና፡ ውግእ ከምዘይፈልጡ ግን ብግብሪ ኣርእዮምና፡ ከም ሕሱም ተጨፍጪፍና።” ስምምዕ

ኣልጀርስ ቀቅድሚ ምፍራሙ፡ ኣስመራ ኣቲኻ ብሓይልታት ግዳም ዝእዘዝ ሃሱስ መንግስቲ ናይ ምቛም ዓቢ ውጥን ዝበርዓኖ ወያነ፡ ኮን ዶኾን ንህዝቢ ኢትዮጵያ መደዓዓሲ፡ ወደብ ዓሰብ እንተሓዘ፡ ንሸመግልቲ 10 መዓልታት ከምዘጸበዮም ይዝከር። ብግንባር ዓሰብ ዝሃቀኖ ናይ መወዳእታ ፈተነ ቅብጸት ግዳ፡ ንሰራዊቱ ዝበኣሰ ግዳይ ወቒዒ ጸሓይን ቀለብ ዓረርን'ዩ ገይሩዎ። በዚ ድማ ከይፈተወ፡ ብመግዛእታዊ ዶባት ክዳነ፡ ኣብ ስምምዕ ኣልጀርስ ክሰግድ ተቐሲቡ። ስምምዕ ኣልጀርስ እምበኣር፡ ገድለኛ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብደሙን ድምጹን ዝተጓናጸፎ ናጽነቱን ልኡላውነቱን ዝተደርዓሉ፥ ብተረከብቲ ሕድሪ ጀጋኑ መንእሰያት ዝተዋሕሰ ሃገራዊ ዶባቱ፥ ካብ ዝኾነ ዶብ ሃገራት ንላዕሊ ብዘመናዊ ቴክኖሎጂ ካርታ ሓንሳብን ንሓዋሩን ደሚቑ ዝተኹልዓሉ ወርቃዊ ሰነድ'ዩ። ንወያነ ከኣ፡ ዕጫ ናይቲ መታለሊ ተኹላ። ምኽታም ስምምዕ ኣልጀርስ ዝፈጠሮ ገብኢን ጭንቀትን. . . ኣየገርምን። ኣውሓስቲ ስምምዕ ኣልጀርስ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ሕብረት ኤውሮጳን፡ ድሕሪ 20 ዓመታት ስቐታ ኣብዚ ቅንያት'ዚ ዘውጽእዎ 'ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ ልኡላውነት ሓድሕድ ክኽበር' ዝጽውዕ መግለጺታት፡ ንብዙሓት ኣገሪሙን ሕቶታት ኣለዓዒሉን'ዩ። ለባማት ወለድና ንኸምዚ ዓይነት ክስተት ዝገልጽ ብሂል ኣለዎም። "ደንጉዩ - እንቋዕ ኣይቦኾረ

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

ሓዳስ ኤርትራ 19 ታሕሳስ 2023